TI

# ዓሸራን ኢሮዳክን (EURODAC)



©iStockphoto / janp013

ምስ ዘይሕጋዊ ስግረ ዶብ ብዝተሓሓዘ ምኽንያት ዝተኣስሩ ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋታት ወይድማ ሃገር-ኣልቦ ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 29(3) ሕጊ (ኤውሮጳዊ ሕብረት) ቁ. 603/2013 [ARTICLE 29(3) OF REGULATION (EU) No 603/2013]

ዕድሜኻ 14 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዶብ ክትሰግር እንተታሒዝካን፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ተወሲዱ ናብ 'ዩሮዳክ' ('Eurodac') ዝበሃል ናይ ዓሻራ ዳታቤዝ ይመሓላለፍ፡፡ ኣብዚ መስርሕ እዚ ግድነት ክትተሓባበር ይግባኣካ - ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ክትህብ ትግደድ ብሕጊ ኢኻ፡፡

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ንጹር እንተዘይኮይኑ፣ እንተላይ ብደይመደይ ዓሻራ ከምዘይውሰድ ንምግባር ኣጻብዕትኻ እንተዕኒኻዮ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ክውሰድ ይኽእል እዩ፡፡

ኣብ መጻኢ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ዳግማይ ይውሰድ፡ ፡ ካብታ መጀመርታ ዓሻራ ዝሃብካላ ሃገር ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ናብታ መጀመርታ ዓሻራ ዝሃብካላ ሃገር ክትምለስ ትኽእል ኢኻ፡፡

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ን 18 ኣዋርሕ ይዕቀብ - ድሕሪ 18 ኣዋርሕ፣ ብኣውቲማቲካዊ መንገዲ (ባዕሉ) ካብቲ ዳታቤዝ ይስረዝ፡፡ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻን ጾታኻን ጥራይ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ይዕቀብ - ስምካ፣ ስእልኻ፣ ዕለተ ልደትካን ዜግነትካን ናብቲ ዳታቤዝ ኣይለኣኽን ወይ ኣብኡ ኣይቅመጥን፡፡

ንመጻኢ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣብ ዩሮዳክ ዝተመዝገቡ ንዓኻ ዝምልከቱ ጭብጥታት ክትርኢ/ ክትወሃብ እንተደሊኻ፣ ነታ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ትወስድ ዘላ ሃገር ክትሓታ ትኽእል፡፡ እቶም ጭብጥታት ክእረሙ ወይ ክስረዙ ክትሓትት ትኽእል – ንኣብነት ናይ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ዜጋ እንተኾንካ ወይድማ ናይ ሓንቲ ካብተን ሃገራት መንበሪ ፍቓድ እንተረኺብካን ዑቕባ ሓቲትካ እንተዘይኔርካን፡፡

ዩሮዳክ (Eurodac) ብኢዩ-ሊሳ (eu-LISA) ዝበሃል ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል እዩ ዝካየድ፡፡ ጭብጥታትካ ሕጊ ንዝእዝዞ ዕላማታት ጥራይ እዩ ምጥቃም ዝከኣል፡፡ ንጭብጥታትካ ዝቕበል እቲ ናይ ዩሮዳክ ማእከላይ ስርዓት (Eurodac Central System) ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ካልእ ናይ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ወይ ምስኣ ትተኣሳሰር ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ[1]፣ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻ ንኸጻረ ናብታ ሃገር ይልኣኽ፡፡ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተቐመጡ ጭብጥታት ካብ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ወይ ምስኣ ትተኣሳሰር ሃገር ወጻኢ ንዝኾነት ትኹን ካልእ ሃገር ወይ ትካል ኣይወሃቡን፡፡

ካብ ሓምለ 20፣ 2015 ጀሚሩ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ዓበይቲ ገበናትን ግብረሽበራን ንምኽልኻል፣ ንምልላይን ንምምርማርን ዕላማ ዝውዕል ናይ ዩሮዳክ (Eurodac) ዳታቤዝ ዝጥቀሙ ብከም ፖሊስን ናይ ኤውሮጳዊ ቤትጽሕፈት ፖሊስን [European police office (Europol)] ዝኣመሰሉ ሰበስልጣናት ክፍተሽ እዩ፡፡

1) **ናይ ኣጻብዕትኻ ጭብጥታት ከምቲ ሕጊ ዘፍቅዶ ኣብ ሞንጎ 28 ናይ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ኣባል ሃገራትን እተን 4 ተዛመድቲ ሃገራትን – ኖርወይ፣ ኣይስላንድ፣ ስዊዘርላንድን ሊክተንስታይንን - ምልውዋጥ ክህሉ ይኽእል እዩ፡፡**

# ናይ መራኸቢ ሓበሬታ

-ብዛዕባ መንነትን መወከስን ተቖጻጻሪ ዮሮዳክ ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ፤

**ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ዚነጥፍ ክፍሊ ስደተኛታት**

L. Sapiegos str. 1, 10312 Vilnius

ተሌ፥ +370 5 271 7112

ኢመይል፥ md.rastine@vrm.lt

http://www.migracija.lt

- ብዛዕባ መንነትን መወከስን ሃገራዊ ብዓል-መዚ ቍጽጽር (ሓለዋ ሓበሬታ) ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ፤

**ቤት ጽሕፈት ምክትታል ሓለዋ ሓበሬታ መንግስቲ**

A. Juozapavičiaus str. 6, 09310 Vilnius

ተሌ፥ +370 5 271 2804, +370 5 279 1445

ኢመይል፥ ada@ada.lt

https://www.ada.lt

©መሰል ኤውሮጳዊ ሕብረት : ቅዳሕ 2014
ምብዛሕ ፍቁድ እዩ። ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ካብዚ ስእልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቀጥታ ፍቃድ ምሕታት የድሊ።

BZ-01-14-067-TL-C

doi:10.2847/20218
ISBN 978-92-9243-158-7

European Commission

EASO

MIGRACIJOS DEPARTAMENTAS

Publications Office